**ንህጹጽ ፈነወ**

**ኤርትራ፡ ኣውፈርቲ ዕደና ብኣስገዳድ ናይ ሰብ ጒልበት ናይ ምጥቃም ሓደጋ ኣየስግኦምን**
*ካናዳዊ ትካል ነዚ ብግቡእ ካብ ምግላጽ ይቖጠብ*

(ቶሮንቶ፣15 ጥሪ 2013) – ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት (Human Rights Watch) ሎሚ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ ከምዘረድኦ፡ ዓለምለኻዊ ትካላት ዕደና ኣብ ኤርትራ ናይ ዕደና ወፍሪ ንምውፋር ኣብ ዝጓየዩሉ ዘለዋ እዋን፡ ተሪር ናይ ምክልኻል ስጉምቲ እንተዘይወሲደን፡ ኣብ ኣዝዩ ሓያል ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ተሳተፍቲ ክኾና ከምዝኽእላ ኣሚቱ። ነዚ ሓደጋ እዚ ንምርዳእ፡ ኣብ ቫንኮቨር ዝመደበራ ነቭሱን ሪሶርስስ (Nevsun Resources) ዝተባህለት ናይ ዕደና ኩባንያ፡ ኣብቲ ኣብ ኤርትራ ዝገበረቶ ናይ ገዛእ ርእሳ ዕደና ዝሃነጸቶ ትካል፡  ብኣስገዳድ ናይ ሰብ ጒልበት ናይ ምጥቃም ተግባራት ብዘይምግትኣን፡ ኩነታት ናይ ኣስገዳድ ጒልበት ስራሕ ብዝተተሓሓዘ ክስታት ምስተላዕሉ ድማ ድኹም ዝኾነ ናይ ምእላዮም ዓቕምታት ብምርኣያን፡ ኣብዚ ኩነታት እዚ ብሩህ ዝኾነ ሓደጋ ምህላዉ የንጸባርቕ።

እዚ 31 ገጻት ዘለዎ ጸብጻብ ኣብ ትሕቲ "እኩይ ነገር ኣይትስማዕ፤ ስራሕ ብኣስገዳድን ጉጅለኣዊ ሓላፍነትን ኣብ ትካል ዕደና ኤርትራ" (“Hear No Evil: Forced Labor and Corporate Responsibility in Eritrea’s Mining Sector”) ብዝብል ኣርእስቲ ኰይኑ፡ ነዘን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዕደና ተዋፊረን ዝሰርሓ ትካላት ከመይ ገይረን ኣብቲ ሰፊሕ ዘመተ ኣስገዳድ ጒልበት ሰብ መንግስቲ ተሳተፍቲ ይኾና ከም ዘለዋ ይገልጽ። እቲ ጸብጻብ፡ እታ ቀዳመይቲ ዕዉትቲ ናይ ዕደና ትካል ኣብ ኤርትራ ክትሃንጽ ንኽኣለት ኩባንያ ነቭሱን፡ ብኸመይ ኣብቲ ፈለማ ነዚ ጉዳይ እዚ ብዕቱብ ክትሕዞ ከምዘይከኣለትን፡ ደሓር እውን ብኸመይ ኣንጻር ዝቐረቡላ ክስታት ክትቃለስ ምፍታናን ይስንድ። እዛ ኩባንያ እዚኣ፤ ወላኳ ፖሊሲታታ ተመሓይሽ እምበር፡ ብዛዕባ ሓደ ንሳ እትጥቀመሉ መንግስታዊ ትካል ንግዱድ ጒልበት ስራሕ ሰብ ዝምከቱ ጉዳያት ንዝቐረቡላ ክስታት ከተጻሪ ዘይትኽእል ትመስል።

"ናይ ዕደና ኩባንያታት ኣብ ኤርትራ ክሰርሓ እንተኾይነን፡ ስራሓተን ኣብ ናይ ኣስገዳድ ጒልበት ስራሕ ዝተመርኰሰ ንኸይከውን ብንጹር ክፈልጣ ኣለወን። ነዚ ክገብራ ዘይክእላ እንተኾይነን ግና ንቕድሚት ክስጉማ ከማን የብለንን።" ይብል ናይ ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ንግድን ሰብኣዊ መሰላትን ላዕላዋይ ተመራማሪ፡ ክሪስ ኣልቢን-ላከይ።

ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ዝደኸያን፡ ኣዝዩ ጨቋኒ ስርዓት ዘለወንን ሃገራት ዓለም እያ። ኣብዚ ዝሓለፈ ውሑድ ዓመታት እቲ ድንግል ማዕድናዊ ሃብታ ነቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ቍጠባዊ ዓቕማ ሓፍ ኣብ ምባል ተራኡ ይጻወት ኣሎ። እቲ መብዛሕትኡ ብንእሽቶ ካናዳዊት ኩባንያ ነቭሱን ሪሶርስስ ዝውነንን ዝካየድን ፕሮጀክት ቢሻ፡ እቲ ናይ ኤርትራ ቀዳማይን እንኮን ዝሰርሕ ዘሎ ትካል እዩ። ምፍራይ ወርቂ ኣብ 2011 ጀሚሩ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ዓመቱ ጥራይ ክሳብ 614 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ዘይተጻረየ ማዕድን ኣፍርዩ።

እንተኾነ ግን፡ ካልኦት ናይ ካናዳ፣ ኣውስትራልያን ቻይናን ትካላት እውን ኣብ መስርዕ ወፍሪ ኣለዋ። ብዙሓት ናይ ሃንደሳ ትካላት እውን ኣብ ካልእ ቦታታት እቲ ሃገር ኣብ ምጽራይን ምጽፋፍን ይርከባ።

መንግስቲ ኤርትራ በቲ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ዝበሃል ፕሮግራም ንኤርትራውያን ኣብ ናይ ዝተናውሐን ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉን ኰነታት ናይ ኣስገዳድ ስራሕን፡ ብሓፈሻ ኣብ ኣዝዩ ናይ ግፍዒ ኩነታት ጸሚድዎም ይርከብ። እምበኣርከስ፡ ብመንገዲ እዚ ፕሮግራም እዚ እየን እዘን ናይ ዕደና ኩባንያታት ኣብቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝግበር ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ናይ ቀጥታዊ ተሳታፍነት ሓደጋ ዝኣትዋ ዘለዋ። ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ወተሃደራት ብኸመይ ብቐጻሊ ከም ዝግረፉን ኣልእ ግፍዕታት ከምዝወርዶምን፡ ከምኡ'ውን ኣሃዱታቶም ራሕሪሖም ኣብ ዝጠፍኡሉ እዋን መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ስድራቤታቶም ብኸመይ ሕነ ከም ዝፈዲን ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ሰኒድዎ እዩ። ብዙሓት ኤርትራውያን  ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ናይ ኣስገዳድ ስራሕ ተጸሚዶም ይርከቡ።

መብዛሕትኦም ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ሰራዊት እዮም ዝምደቡ፡ ዝተረፉ ከኣ ኣብ መንግስቲ ዝውንኖም ትካላት ከምዝሰርሑ ይግበር። ገለ ካብተን ትካላት መንግስቲ ድማ ናይ ህንጻ ኩባንያታት ኮይነን፡ መንግስቲ ነተን ናይ ዓለምለኸ ኩባንያታት ነዘን ኤርትራውያን ኩባንያታት ከም መኾናትርተን ገይረን ከስርሕአን ጸቕጢ ይገብር።

ነቭሱን ሪሶርስስ ኣብ ብሻ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዝውንና ትካል ሃገራዊ ኮርፖረሽን ዕደና ኤርትራ (Eritrea National Mining Corporation (ENAMCO)) ብሽርካ ትሰርሕ። ነቭሱን ንተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ከምዘረጋገጸትሉ፡ ኣብቲ ፈለማ ምስቲ ፕሮጀክት ዝኸይድ ምስ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ዝተኣሳሰር ሓደጋ ብዝምልከት ዝኾነ እዋናዊ ቆላሕታ ኣይገበረትን። ብጸቕጢ መንግስቲ ድማ፡ ሓንቲ መንግስቲ ዝውንና ሰገን ናይ ህንጻ ኩባንያ እትበሃል ገለ ናይ ህንጻ ስራሓት

ኣብቲ ቦታ ንኽተካይድ ቆጺራታ። እንተኾነ፡ ሰገን ንነዊሕ እዋን ኣብ ፕሮጀክትታታ ብናይ ኣስገዳድ ስራሕ እትኽሰስ ኩባንያ እያ።

ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ብዙሓት ኣብቲ መጀመርያ እዋን ህንጻ ቢሻ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ቃለ-መሕትት ኣካይዱ ነይሩ። ገለ ካብኣቶም ብመንገዲ ሰገን ኣብቲ ቦታ ከም ናይ ስራሕ ዓስከር ከምዝተመደቡ ይገልጹ። ሓደ ዓስከር ነበር ከምዝብሎ፡ ኣብ ናይ መቕርቡ ዝኾነ መዋቲ ሰብ ቀብሪ ንምስታፍ ካብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ናብቲ ቀብሪ ዝተኻየደሉ ቦታ ስለዝኸደ፡ ንሓያለ ኣዋርሕ ከምዝተኣስረ ይገልጽ።

"ነቭሱን ንሓንቲ ንነዊሕ እዋን ስኑድ ዝኾነ ክስታት ዘለዋ ኣብ ናይ ኣስገዳድ ስራሕ እትምርኮስ ኩባንያ፡ ብዘይዝኾነ ቅድመኩነታዊ ኣገባብ ቆጺራ ኣሰራሓ። ዝገደደ ከኣ፡ ነቭሱን ነዛ ኩባንያ እዚኣ፡ ወላኳ ናይ ዕዮ ኩነታታ ክትቆጻጸራ ፍቓድ ዘይብላ እንተኾነት፡ ክሳብ ሕጂ ንሰገን ከተሳትፉን ከተስራሓን ጸኒሓ ኣላ።" ይብል ኣልቢን-ላከይ።

ኣብቲ ፈለማ እዋን፡ ነቭሱን ኣብ ምስራሕ እቲ ፕሮጀክት ዝኾነ ናይ ግዱድ ናይ ጉልበት ስራሕ ምጥቃም ተኽእሎ ንኽይህሉ ንምርግጋጽ ዘኽእላ ቅጥዒ ኣይነበራን። ካብኡ ንደሓር ግና እዛ ኩባንያ እዚኣ ፖሊሲታታ ዳግመ ግምት ገይራ፡ ብፍላይ ድማ ብመንገዲ ኩሎም ሰራሕተኛታት ብፍቓዶም እምበር ተገዲዶም ከምዘይሰርሑ ብናይ ምቍጽጻር ቅጥዕታት ኣውጺኣ። ነቭሱን እዞም ፖሊሲታት እዚኦም ፕሮጀክትታታ ካብ ተጠቃምነት ግዱድ ናይ ጉልበት ነጻ ክትከውን ከምዘኽእልዋ ትገልጽ።

ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ብሻ ናይ ኣስገዳድ ናይ ስራሕ ጉልበት ምጥቃም ከምዘሎ ዘረድእ ክስታት ኣየጋጠሞን። ግን፡ ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት መርመርቲ ኣብ ኤርትራ ብነጻ ዝሰርሑሉ ባይታ ኣዝዩ ጸቢብ ስለዝኾነ፡ ነዚ ምጽራይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እንተኾነ፡ ነቭሱን ናይ ኣስገዳድ ናይ ጉልበት ስራሕ ከምዘየለ ብሓቂ ርግጸኛ ክትከውን ኣይትኽእልን እያ። ምኽንያቱ፡ እተን መሻርኽታ ትካላት ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ምጽራይ ኣብ ዝግበረሉ ጻዕርታት ስለዘይተሓባበራ እዩ።

ነቭሱን ሰገን ኣብ ቢሻ ናይ ኣስገዳድ ጉልበት ንኸይትጥቀም ቃል ኣትያ እያ ትብል። እንተኾነ፡ ሰገን ንናይ ነቭሱን ንሰራሕተኛታት ሰገን ቃለ-መሕትት ብምግባር እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ብሻ ብፍቓዶም ከምዝሰርሑ ንምርግጋጽ ዘቕረበቶ ጠለብ ነጺጋቶ እያ። ብተወሳኺ፡ ሰገን ንነቭሱን ሰራሕተኛታታ ዝቕመጡሉ ቦታታት ንኽትበጽሕ ምስ ጠለበት ፍቓድ ከሊኣታ እያ። ኣብ 2010 ነቭሱን ኩነታት መነባብሮ ሰራሕተኛታት ሰገን ኣዝዩ ሕማቕ ምዃኑን እኹል ምግቢ ከምዘይብሎምን ዘርኢ ጸብጻባት ምስረኸበት ንሰራሕተኛታት ሰገን መግቢ ክትዕድል ጀመረት።

ኣብ 2012 ነቭሱን ንሰገን ኣብ ስራሕ ከየሳተፈት ነቲ ዕደና ከተስፍሖ ፈቲና እያ። እንተኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ስለዝተቓወመ፡ ነቭሱን ንሰገን መሊሳ ኣብ ስራሕ ኣሳተፈታ። ሰራሕተኛታት ሰገን ገና ክሳብ ሕጂ ኣብ ቢሻ ኣለዉ።

"ነቭሱን ኣብ ልዕሊኣ ባዕላ ብዝቑጻረታ ደገፍ መንግስቲ ብዘለዋ ናይቲ ቦታ ኮንትራክተር ምፍርራሕ ክወርዳ ፈቒዳ። ነዚ ኩነታት እዚ ክትቅበሎ ኣይምተገብኣን። እዚ ድማ ነተን ኣብ ኤርትራ ዝሰርሓ ካልኦት ናይ ዕደና ትካላት መምሃሪ ክኾነን ይግባእ። ክሳብ ናይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጸገም ዝፍጠረሉ ደረጃ ሓደጋ ዝበጽሕ እንድሕር ተጸብየን፡ ብድሕሪኡ፡ ኩሉ ነገር ኣዝዩ ደንጕዩ እዩ ማለት እዩ" ይብል ኣልቢን-ላከይ።

እንተኾነ፡ ካልኦት ኩባንያታት ነቶም ሓደጋታት እዚኦም ብግቡእ ኣብ ግምት ከየእተዋ ናብ ናይ ዕደና ፕሮጀክትታተን ይንቀሳቐሳ ኣለዋ። ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ሓላፊ ናይ ሳውዝ ቦውልደር ማይንስ (South Boulder Mines) ኣውስትራልያዊት ኩባንያ ቃለ-መሕትት ኣካይዱ ነይሩ። እዛ ኩባንያ እዚኣ ኣብ ኤርትራ ዳርጋ ናይ 1 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ናይ ፖታሽ ዕደና ኣብ ምምዕባል ትርከብ። እቲ ሓላፊ ኩባንያኡ ናይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፡ ወላ ናይ ኣስገዳድ ናይ ጉልበት ስራሕ ሓደጋ ብዝምልከት ምንም መጽናዕቲ ከምዘየካየደት ተኣሚኑ።

ካናዳዊት ትካል ሳንሪጅ ጎልድ (Sunridge Gold) ኣብ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ዕደና እትርከብ ኮይና፡ ብዛዕባ ናይ ኣስገዳድ ጉልበታዊ ስራሕን ካልእ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ንኽትዘራረብ ዝቀረበላ ሕቶ መልሲ ኣይሃበትሉን። እታ ኣዝያ እዋናዊት ዝኾነት ኣብዚ ናይ ዕደና ባይታ እትርእ ኩባንያ ኣብ ሻንግሃይ ዝመደበራ ናይ ቻይና ናይ ሽርካ ኮርፖራሽን SFECO እያ። ንሳ ኣብዚ ቀረባ እዋን ገለ ክፋል ናይ ኣውስትራልያዊት፣ ሻሊስ ጎልድ (Chalice Gold) እትበሃል ኩባንያ ፕሮጀክት ገዚኣ ኣላ።

ብመሰረት ተመኩሮ ብሻ፡ እቲ ዝዓበየ ናይ ግፍዒ ሓደጋ ኣብቲ ምህናጽ ደረጃ ናይዘን ፕሮጀክትታት ኪጋጥም ይኽእል። ነቭሱን ከኣ ኣብቲ ከባቢ ብሻ ተወሳኺ ናይ ዕደና ቦታ ረኺባ ኣላ። እዚ ቦታ እዚ እንድሕር ደኣ ንናይ ዕደና ንግዲ ዘዋጽእ

ኮይኑ ተረኺቡ፡ ብዙሕ ናይ ህንጻን ትሕተ-ቅርጺ ስራሓትን ከየሳተፈ ኣይተርፍን።

ኣብ ኤርትራ ክሰርሓ ዝደልያ ናይ ዕደና ትካላት ንዝኾነ ናይ ኣስገዳድ ጉልበት ስራሕ ዝጥቀም ኮንትራክተር ኣብ ምስታፍ ክነጽጋ ኣለወን። ከምኡ ድማ ኣብ ናተን ናይ ስራሓት ናይ ዝኾነ ግፍዒ ኣብ ምጽራይ መሰል ክህልወን ኣጥቢቐን ክማጉታ ኣለወን ይብል ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት።

ኩለን ኣብ ኤርትራ ዝሰርሓ ናይ ዕደና ትካላት ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ብዕቱብ ብምሓዝ ንጥፈታተን ዝሓዝኦ ፕሮጀክትታት ከስዕቦ ኣብ ዝኽእል ሓደጋታት ኣብ ምልላይን ምእላይን ከተኩራ ኣለወን። ኣገዳስነት ብኣፍልጦ ዝግበር ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ ናቱ መምርሒን መትከላትን ንግድን ሰብኣዊ መሰላትን (Guiding Principles on Business and Human Rights) ኣስሚሩሉ ይርከብ። እዚ ከኣ ብሰፊሑ ከም ርትዓዊ ዝኾነ ሓላፍነታውያን ናይ ንግዲ ትካላት ዝጥቀማሉ መሰረታዊ መምርሒ ስራሕ እዩ።

ፕሮጀክትታት ምስ ተጀመሩ ኩባንያታት ፕሮጀክትታተን ብናይ ኣስገዳድ ጉልበታዊ ስራሕ ይኹን ካልእ ግፍዕታት ይምዕብል ከይህሉ ናብቲ ናይ ስራሕ ሜዳ ጠመተአን ከዛይዳ ኣለወን። እተን ኩባንያታት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጸቕጢ ምስ ኣብ ዕደናታተን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክራኸባ መሰል ክህልወንን፡ ግፍዕታት ዘካይዱ ደቂ ሃገር ኮንትራክተራት ድማ ካብ ስራሕ ከባርራ መሰል ክህልወን ክምጉታ ኣለወን።

ሃገራውያን መንግስታትን ዓለምለኻውያን ናይ ዕደና ኩባንያታትን ንኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ልዑል ሓደጋ ምግሃስ መሰላት ዘለወን ሃገራት ሃገራውያን ኩባንያታት ዘተግብርኦ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ብሓባር ሕግታት ከርቅቓን ክቆጻጸራን ኣለወን ይብል ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት። እተን መንግስትታት ነዘን ሃገራውያን ኩባንያታት ብውዱዓዊ መምዘኒታት ክምእዘዛን ኣብ ናይ ወጻኢ ዝገበርኦ ስራሓተን ዝተኸሰሶ ምግሃስ እንተሎ እውን ንክጻረን ጸቅጢ ክገብራ ኣለወን። ኣብዚ እዋን እዚ ኩባንያታታ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝገብርኦ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላት እትቆጻጸር ሃገር የላን፣ ብዘይካ ኣብ ኣዝዩ ጸቢብ ዝኾነ ኩነታት፡ ንኣብነት ንወፍሪ ኣብ ሃገረ በርማ ብዝምልከት።

"ኣብ ኤርትራ ናይ ኣስገዳድ ጉልበታዊ ስራሕ ከምዘሎ ዝዝንግዓ ኩባንያታት ዕደና ዘይግዱሳት ክኾና ኣለወን። ኣብ ወጻኢ ዘመዝገብኦ ሰነዳት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝሓጸረ ንመንግስትታተን ናይ ውሽጢ ሻቕሎት ከምዘስዕበለን እውን ዘይምዝንጋዕ።" ይብል ኣልቢን-ላከይ።

"እኩይ ነገር ኣይትስማዕ፤ ስራሕ ብኣስገዳድን ጉጅለኣዊ ሓላፍነትን ኣብ ትካል ዕደና ኤርትራ" (**"Hear No Evil: Forced Labor and Corporate Responsibility in Eritrea's Mining Sector"**) ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት (ድረገጽ) ይርከብ፡
http://www.hrw.org/reports/2013/01/15/hear-no-evil-0

ንብዛዕባ ኤርትራ ዝምከት ጸብሳባት ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት፣ ኣብዚ ወብሳይት እዚ ተወከሱ፡
http://www.hrw.org/africa/eritrea

ንናይ ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ብዛዕባ ንግድን ሰብኣዊ መሰላትን ዝምልከት ጸብጻባት፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ወብሳይት ተወከሱ፡
http://www.hrw.org/topic/business

ንተወሳኺ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ፡
ኣብ New York, Chris Albin-Lackey (English, French): +1-212-216-1865; or 1-347-886-7733 (mobile); or albinlc@hrw.org
ኣብ Amsterdam, Leslie Lefkow (English): +31-6-21-59-73-56 (mobile); or lefkowl@hrw.org
ኣብ Ottawa, Felix Horne (English): +1-514-894-8629 (mobile); or hornef@hrw.org